*Remembering unique Eritreans in contemporary history*

# A
# short biographe
# Of
# Blata Debessay Chirum

No

Picture

Available

*Source: Tigrinja book ማሰን መልቀስን ቀዳሞት*

*By*

*Solomon Tsehaye*

*2012*

Asmara, Eritrea 2012

*ጀጋኑና ንዘክሮም*

ሓጺር

ታሪኽ ሂወት

# ብላታ ደበሳይ ጭሩም

ስእሊ ኣይተረኽበን

ካብ መጽሓፍ ናይ ሰሎሙን ጽሃየ

ማሰን መልቀስን ቀዳሞት

2012

ኣስመራ ፣ ኤርትራ 2012

# ዝርዝር ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ዉልቃዊ ሓበሬታ | 189 |
| ኣይስእንን ተፈን ፣ ረኺበያ ተወሊደ | 189-190 |
| ዓበይቲ ሰብ | 191 |
| ልቓሕ ዘይትመልሱ ፣ ኣወለይ ቀንደለይ | 192 |
| ስደተኛ ጥራይ ፣ ንብዓት ኣይተልምደን | 194 |
| እንካዕከ ዔምካሉ ፣ ዘሽርፍ እንተሎ ፣ | 195-196 |
| ይደባኖንዶ'ሎ | 196 |
| ይኣኽለካ ይበሎ | 197-198 |

# ብላታ ደበሳይ ጭሮም

ብላታ ደበሳይ ቀ'ሩብ ቀ'ንጽብ ዝበሉ ቖይሕ ተሪር ሰብኣይ ከም ዝነበሩ ኣብ ዕብየቶም ዝርከቡሎም ሰባት ይዛረቡ። ኣብ ጊዜ ጕብዝናኦም ጉዶ ጕራደ ምዕጣቕ የዘውትሩ ምንባሮም ዝንገረሎም ብላታ ደበሳይ፡ ክብሉዎ ወይ ክገብሩዎ ዝደልዩ ካብ ምፍጻም ድሕር ዘይብሉ ኣዝዮም ተባዕ ሰብ ከም ዝነበሩ ይዝንቶ። እዚ ትብዓት'ዚ ኣብ ማሰኦምን መልቀሶም'ውን ጕሊሑ ይርአ። ብላታ ደበሳይ ብግምት ኣብ 75 ዓመት ዕድሚኦም ኣብ መጀመርታ 1940ታት ከም ዝሞቱ ብተባህለ ዝተረኽበ ሓበሬታ የመልክት።

ድሕሪ'ቲ ምስ መሳቱኦም ቈልዑ እናተጻወቱ ብዛዕባ ኣቦኦም ማሰ ዝበሉዎ፡ ዕብይ ምስ በሉ'ውን "ደበሳይ ወድ'ኹም ደኣ ንዓኹም እናሓፈረ'ምበር ንጓሶትን ጕርዞ ጊላዋን ከዘናግያም እንድዩ ዝውዕል፡" ዝብል ወረ ንባሕረጋስ ጭሮም ይበጽሖም ነበረ። ሓደ እዋን ኣብ በረኻ ገበል ክውሕጦም ደልዩ ካብኡ ንስክላ ወጺኦም ገዛ ምስ ኣተዉ፡ "ሞይተ እንተ ዝኸውን ደበሳይ ወደይ እንታይ ኢሉ መልቀሰለይ ኢለ እንድየ ዝሓስብ ዘለኹ፡ እቲ ኸእለቱ ኸሰምዖሲ መጋረጃ ሸፍኑኒ'ሞ ኣቦ'ኻ ሞይቶም ኢልኩም ኣርድኡዎ፡" በሉ።

ደበሳይ፡ ካብ ዝወፈሩዎ ንገዛ ምስ ኣተዉ፡ "ሰብ ዝበጽሖ በጺሑካ፡" ተባህሉ። ከምቲ ንቡር ምስ በ'ኽዩሎም ድማ፡ ኣብ መልቀስ ኣተዉ።

**ኣይስእንን ተፈን**

ኣቦ በይነይ ኣይኮንኩምን ኣቦ እገላ ድፍን
ኣቦ በይነይ ኣይኮንኩምን ኣቦ ሃዳድም ድፍን
ኣቦ በይነይ ኣይኮንኩምን ኣቦ መጽሐ ድፍን
ኣእምሮ'ኹም ኔሩ ሕልፍን ትርፍን
ስብእነትኩም ኔሩ ሕልፍን ትርፍን
ሓየት ረባዕ ዝዓበ ኣብ ገፉፍን፡

ኣርሓ እንተ ዘይኮንኩ ኣይሰእንን ተፊን
ካብ ዝሞቱ ኣይትሰነፉ'ምበር ካብ ዘለዉ ኣይሰንፍን።

ክምዚ ኢሎም ምስ'ልቀሱሎም ከኣ፡ "መጋረጃ ቕላዕ፡ ወራሲየይ ወሊደ እየ፡" ኢሎም ኣገናዕ በሉዎም ይብሃል።

"ኣይሰእንን ተፊን" ኣብ ዝኸረ ካብ ዘለዋ ግጥምታት ብላታ ደበሳይ ብጊዜ እታ ዝቐደመት'ያ ።

✹

ባሕረጋስ ጭሮም፡ ኣብ ድሮ ናይቲ ኣብ ባሕቲ መጋቢት 1896 ዝተኻየደ ውግእ ዓድዋ፡ ጣልያን ንኢትዮጵያ ክሰግር ከሎ፡ ዕጥቅን ስንቅን ዘጕዓዕዙ ዝነበሩ ኣፍራስ ብምጭዋይ ነቲ ገስጋስ ዓንቂፉዎ ብዝብል ክሲ ተታሒዞም፡ ድሕሪ'ቲ ጣልያን ዝተሳዕረሉ ውግእ ናብ ኣስመራ ተወሲዶም ተኣሲሩ'ዎ፡ ሓሙሻይ ርእሶም ንሞት ተፈሪዶም ተረሸኑ። እቶም ብተመሳሳሊ ኸሲ ንጣልያን ተጻቢእኩም ተባሂሎም ምስኦም ዝተቐተሉ ኣርባዕተ ሰባት ከኣ ሓዎም ናስር ጻዕዱ፡ ብሃብቶም ፍሉጥ ዝነበሩ ኣይተ ጋንፉር ቀላት በዓል ሰርዐ፡ ገብረሂወት ወዲ ባሕረጋስ ተማኑ ጽገ በዓል ዓዲ ገሃድ፡ ከምኡ'ውን ሃሊቃ ተኸለ ወዲ ቐሺ ሳእል በዓል ሓላይ ከም ዝነበሩ ይንገር። እቲ ምርሻን፡ ብላታ ደበሳይ ሃለዋት ኣቦታቶም ክፈልጡ ኢሎም ናብ ኣስመራ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን ስለ ዝተፈጸመ ነቲ ኣብ ገዛእ ሰድራኦም ብጣልያን ዝወረደ መቕዘፍቲ ብዓይኖም ረኣዩዎ። እቲ ሬሳታት ሓመድ ኣዳም ክሳዕ ዝለብስ በይኖም ዝተሰከሙዎ ኣደራዕ ድማ፡ በዚ ዝስዕብ መልቀስ ገሊጹዎ።

**ረኺበያ ተወሊደ**

ንሓማሴን ኣቢለ ኣውያተይ ሰዲደ
እኳዶ'ታ ዝረድኣኒ ሓደ
ንሰራየ ኣቢለ ኣውያተይ ሰዲደ
እኳዶ'ታ ዝረድኣኒ ሓደ
ንከለጉዛይ ኣቢለ ኣውያተይ ሰዲደ
እኳዶ'ታ ዝረድኣኒ ሓደ
ገንዝኩዎም ነጻላይ ቀዲደ
ሓለኹዎም መጋርያይ ኣጕደ

ቅብር ወዓልኩዎም በብሓደ
ኣነስ ረኺበያ ተወሊደ።

"ረኺበያ ተወሊደ" ይብል ወድ ባሕረጋስ ጭሮም እናተባህለ ይምስል ከም ዝነበረ ኸኣ ዛንታ ኣሎ።

ብላታ ደበሳይ፡ ድሕሪ ቕትለት ስድራ ቤቶም፡ ምስ ጣልያን ተባእሱ። ኣብ ማስታቶምን መላኽሰምን ንጣልያን ይወቕሱ ስለ ዝነበሩ ድማ፡ ከይእሰሩ ፈሪሖም ስድራኦም ሒዞም ኣብ መሬት ትግራይ ዝተቐመጡሉ ዓመታት ኔሩ እዩ።

❁

ደግያት ባህታ ሓጐስ ምስ ጣልያን ክዋግኡ ኣብ ሓላይ ብታሕሳስ 1894 ምስ ሞቱ፡ ስድራኦም ካብ ጣልያን ነብሶም ከውጽኡ ንትግራይ ሃዲሞም ኣብ ዝነበሩሉ ዓመታት፡ ብላታ ደበሳይ፡ ዝነበረቶም ሓንቲ ላም ሓሪዶም ኣብ ስደት ዓቢ እንግዶት ገበሩሎም'ሞ ንኸብሮም ከምዚ ኸብሉ ማስ በሉ ይብሃል።

ዓበይቲ ሰብ

እንዳ ሓጐስ ወዲ ዓንዱ ዓበይቲ ሰብ
እንዳ ደግያት ባህታ ዓበይቲ ሰብ
እንዳ ደግያት ሰንጋል ዓበይቲ ሰብ
እንተ ሓለፈልኩም ኣሸበሸብ
ኣነ'ለኹ ኣባኹም ዝዕሰብ።

ስድራ ደግያት ባህታ ይኹኑ ብላታ ደበሳይ ምስ ጣልያን ተዓሪቖም ንሃገሮም ምስ ተመልሱ ኸኣ፡ እንዳ ደግያት ባህታ ነቲ ኣብ ጊዜ ጸገሞም ዝረኸቡዎ ውዕለት ብላታ ደበሳይ ክመልሱ፡ ዓመት መጸ ኣብ ግንቦት ዕፉን ባሕሪ ካብ ሰገነይቲ ኣጽዒኖም ንዓዲ ገዛድ ይሰዱሎም ከም ዝነበሩ ይዝንቶ።

❁

ሎጎ ሳርዳ ንእገላ ሓጺን ኣውያት ክሰዱ ኸለዉ እገላ ሓጺን ይቐብሩ፡ እገላ ሓጺን ንሎጎ ሳርዳ ኣውያት ክሰዱ ኸለዉ ግን፡ ሎጎ ሳርዳ፡ እግሪ ምሕጻር ስለ ዘብዝሑ፡ ብላታ ደበሳይ፡ ሓደ መዓልቲ ቀብሪ ኸይዶም ነቲ

መዋቲ ምስ'ልቀሱሉ ንሎጎ ከምዚ በሉዎም ይብሃል።

**ልቓሕ ዘይትመልሱ!**

ሎጎየ ሎጎየ ሎጎየ!
ሓንቲ ገዛ ክልተ ኢድ ዑና
ከምቲ ንቐብረኩም ቅበሩና
ከምቲ ነኽብረኩም ኣኽብሩና
ልቓሕ ዘይትመልሱስ እንታይ ዲና
ዕዳዶ'ለና እዩ ኣብ ዝባንና።

•

ብላታ ደበሳይ፡ ኣብቲ ካብ ጣልያን ሃዲሞም ኣብ ትግራይ ተሰዲዶም ዝቕመጡሉ ዝነበሩ ጊዜ ጸገሞም፡ ከይጃጀዋ ደቀን ዘዕበያ ንፍዕቲ ሰበይቶም ወይዘሮ ትምኒት፡ ደሓር ንሃገሮም ተመሊሶም ኣብ ዓዲ ገዛድ እናተቐመጡ ኸለዉ ምስሞታ "ኣወለይ ቀንዴለይ" ክብሉ ኣልቀሱለን። ምስቲ ሓመድ ድበአን፡ ካልኣይ ቀብሪ ናይ ሓንቲ ከይተመርዓወት ዝሞተት ጕርዞ ጓል ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ነቲ መደንገጽ መልቀሶም ብኣኣ እዮም ጀሚሮሞ። ሽዑ ቈልዓ ምንባሮም ዝገልጹ፡ ቀንዲ መወከሲ ናይ'ዛም ሰለስተ ወለዶ ማሰኛታት ኮይኖም ነዚ መጽናዕቲ ብዙሕ ዘበርከቱ፡ ንባዕሎም'ውን ማሰ በሃሊ ኣቶ ወረደ ሃይለስላሴ (ዓዲ ገዛድ)፡ "ብላታ ደበሳይ ናብ ቀብሪ ሰበይቶም ክወጹ ኸለዉ ጸማልያ ብምንባሮም ጽላል ተጌሩሎም ሰለይ ኢሎም ክኸዱ ሕጂ ኾይኑ ይርኣየኒ፡" ይብሉ።

**ኣወለይ ቀንዴለይ**

ወይ ኮቲ ዕሽለይ ዕሽለይ
ቈልዓ በዂሪ ዘይብለኪ ባዕለይ
ቈልዓ ዘነ ዘይብለኪ ባዕለይ
ኣይትብልንዶ መርዓይ መርቐለይ
ኣይትብልንዶ ቅርሺ ቍጸሩለይ
ኣይትብልንዶ ጣዕዋ ኹብኵቡለይ
ንጕድጓድዶ ሃጺጽክላ ጓለይ!

በሊ ኽምለስ ናብ ኣወል ቀንዴለይ
ትምኒተየ ኣሚነ መስቀለይ

ኣደ ገረመድሂን ወደይ ኣወለይ ቀንጼለይ
ኣደ ፋና ጓለይ ኣወለይ ቀንጼለይ
ኣደ ኣብርሀት ጓለይ ኣወለይ ቀንጼለይ
እንዳ'ኖኺ መሬታ ሰበነይ
እንዳ'ቦኺ ሰገን ጽንዓደግለይ
ደቂ ኣሓእም ዓሸከሪ ምስ ታምረይ
ምስታይ ማየን ፈጠረይ ኩመይለይ
ዕዳጋእን ምጽዋዕ ሕጡብለይ
ከዳውንተን ደበናይ ዕምብረይ።
እሕንፍጠምም'ሞ ኣብ ክንደይ'ታ ሓይለይ
ግልብጥ ኢሉ'ኸይድ ንመሮረይ
ደድሕረይ ስዒባ ሓምሊ ትሓምለለይ
ካብ'ቶም ደቃ ንዓይ ተዕዝዘለይ
ትመልሰኒ ኸኣ ናብ ዓባይ ደጒለይ
መስኪረልኪ ሰማይ ዝሃገረይ።
ንኣምላኸ ምብልኩዎ ግደፈለይ
ንመን ምስ ገደፈ'ሞ ክገድፈለይ
መሊቛ ተረፈት ጫማ እግረይ
ወሪዱኒ'ንድዩ ጋብር ጸሊኡለይ።
ካብ ሎሚ ምሸት ክብል ሰንከታለይ
ካብ ሎሚ ምሸት ክብል ኣንጽፋለይ
ካብ ሎሚ ምሸት ክብል ሕጸባለይ
ንመን ምስ መልኣሉ'ሞ ኸመልኣለይ
እንድሕሪ ኼድክስ ጥዕና'ሃበለይ!

✿

ብላታ ደበሳይ፡ ሕሱም ጥሜት ኣትዩ፡ ሰብ ንዓዲ እኽሊ ኣብ ዝተሰደሉ ሕማቕ ዘበን ንትግራይ ገይሾም ኣብ ሓንቲ ዓዲ፡ ሸውዓተ ሰብኣይ ሞይቶም ምስ ጸንሑዎም፡ "እንታይ ሓጥያት ኣልዩዋ እዩ'ንታ እዛ ዓዲ፡ ሸውዓተ ሰብኣይ ብሓንሳእ ዝሞቱዋ!" ኢሎም ሓዘኑሎም። እቶም ነታ ዓዲ ክሓዝኑላ ዝሰምዑዎም ሰባት ከኣ፡ እታ ዓዲ ዋላ ሓደ ሰብ ከም ዘይሞታን ሸውዓቲኦም ሰብኡት ስደተኛታት ምዃኖምን ነገሩዎም። ኩሎም'ቶም ዝሞቱ ስደተኛታት ምንባሮም ምስ ፈለጡ ድማ፡ ዝገደደ ኣሕዚኑዎም፡

### ስደተኛ ጥራይ

ሰብ ሰጋር ምበልናኩም ሰብ ጽራይ
ሰብ ዕፉን ምበልናኩም ሰብ ብዕራይ
ኣቦይ እዝጊ'ውንዶ ከም ሰብ ኮይኑ ዘራይ
ሸውዓተ ሰብኣይሲ ስደተኛ ጥራይ፤

ኢሎም ኣልቀሱ።

❁

ባሻይ ባርያጋብር ዓንዲት ዝብሃሉ ብዙሓት ደቂ ዝነበሩዎም በዓል ዓዲ ዕቑባየስ፣ ኣጽብሃ ዝብሃል ንኻዕቲት ተመርዕዩ ሓንቲ ጓል ጥራይ ዝወለደ ኣዝዩ ምሩች በዥሪ ወዶም ብጉበዙ ምስ ሞቶም ብሓዘን ክጽለሉ ደለዩ። ጸሊም ተኸዲኖም ኣምሪሮም ክበኽዩ ዝረኣዩዎም ብላታ ደበሳይ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ኣልቀሱ።

### ንብዓት ኣይተልምደን

ኣታ ወዲ ዓንዲት ጽሩይ ሽደን
ኣታ ወዲ ዋሰይ ጽሩይ ሽደን
ወዲ ምናንን ዝባቦን ጽሩይ ሽደን፣
ወዲ ገረንኪኤል ከዲኑ ዝኸደን
ወዲ ወለገርግስ ከዲኑ ዝኸደን
ወዲ ባሕረጋስ ሽመር ከዲኑ ዝኸደን
እኖታትካ ሓላይ ደርዓ ዓደን
ብመሰላ ዝለዓል ዳጉደን
ብቐደሙ ጠስሚ መዓር ልምደን
ኣይ ንስኻ'ንዲኻ በዥሪ ወደን
ይብከያልካ ነጸላ ሰሚደን፣
ሓማውትኻ ኳዕቲት'ንድዩ ዓደን
ዘይሓንቲ ጓል እንታይከ ነጊደን
ብፈትሊ ተኣሲርካ እንክትከደን
ይሕዘናልካ ነጸላ ሰሚደን።
ባርያጋብር ወዲ ሓውቦየ
ሕማቕ'ምበር ጽቡቕ ኣይተፈርደን
ኣጽብሃ ጥራይ ካባኻ ኣይተወልደን

ምሳኻ ዘሎ በርከት ኣይወሓደን
ነዒንትኻ ንብዓት ኣይተልምደን
ዘይሎሚ ጸሊም ከይትኸደን
ካብ ዝባንካ ቀልጢፍካ ስደደን።

ብዝሒ ብኽያትን ጸሊም ምኽዳንን ካልእ ሓዘን ከየስዕበሎም ዘጠንቅቕ መልቀሳዊ መግናሕቲ ብላታ ደበሳይ ዝተሰወጠም ባሻይ ባርያጋብር ከኣ፡ ንተዓጣቖ ናይቲ ቐብሪ፡ "ድሕሪ ብላታ ደበሳይ መልቀስ ከልክሉለይ!" ብምባል መንጠሊናኦም ደርብዮም ካብ ሳንዱቕ ፈርገ. ኣምጽኡለይ ኢሎም ብጻዕዳ ኽዳን ቀባሪዮም ኣፋነዉ ይብሃል።

✿

ባሻይ መንገሻ ወዲ ባሕረጋስ ወልደሃዋርያት (ዓዲ ጎዶ) ኣብ ጣልያን ተዓስኪሮም ከለዉ ብሕማም ሞይቶም ኣብ ዓዲ ግራት ሓመድ ምስ ለበሱ፡ ኣብ ካልኣይ ቀብሮም፡ ሕማም ብሕማሙስ ብኻ ኣብ ዓዶም ሓሚሞም ኣብ ዓዶም ተቐቢሮም ዝብል መልቀስን ቍዝማን ስለ ዝበዝሐ፡ ብላታ ደበሳይ፡ እቶም ካብ ሰንበታይ ወዲ ወረደምህረት ዝውለዱ እገላ ሓጺን፡ ዓዲ ግራት፡ ዓዲ መበቁል ትውልዶም ብምዃኑ፡ ኣብ ዓዶም ዓዲ ኣቦሓጎታቶም ደእ'ምበር ኣብ ዓዲ ጓና ከም ዘይተቐብሩ ዝገልጽ እዚ ዝስዕብ መልቀስ ገበሩ።

**እንቋዕከ ዔምካሉ**

ወዲ ባሕረጋስ ወለሓርያት ንጉስ ናይ ብኹሉ
ወዲ ህብትየስ ስልጣን'ንዲኻ ንጉስ ናይ ብኹሉ
ወዲ ሻሸዮስ ኢኻ ንጉስ ናይ ብኹሉ
ዓዲ ግራት እንቋዕከ ዔምካሉ
እንተ ዔምካ ዓድኻ እንድኣሉ
ወዲ ንጉስ ይመውት ንጉስ ተኸቲሉ
ዓኺይ'ኳ ይመውት ምስ ሽመሉ
ዘይሰበይቱ ምስከር ዘይብሉ
ኣብ ንእዱ ዝነቅጽ ጽግዕ ኢሉ።

✿

ኣቦኣ ሞይቶማ ዘኽቲማ ዝዓበየት ጓል ጓሎም ንሰንጋል ጭሮም (ሓው ብላታ ደበሳይ) ኣብ በራዓንዲ ክትምርያ ኸላ፡ እቶም ካብ ዓዲ ሓርገጽ ጓል ክወስዱ ዝመጹ እንዳ ወዲ ዘውረዱዎም ተላ ብርሃነ (ተላ ነቅዲ) ዝብሃሉ ማሰኛ፡ ንእንዳ ጓል ብዙሕ ገዝሚ ንኸህቡ ንምድፍፋእ ከምዚ ዝስዕብ ማሰ በሉ።

**ዘሽርፍ እንተሎ**

እንዳ ባሕረጋስ ጻዕዱ ብስረ መልዕሎ
እንዳ ባሕረጋስ ጭሮም ብስረ መልዕሎ
እንዳ ሰንጋል ጭሮም ብስረ መልዕሎ
እንዳ ብላታ ደበሳይ ብስረ መልዕሎ
(...)
በሉ'ስኪ ሃቡና ኣድጊ ዘይተልዕሎ
ኣብ ሰጋር በቕልና ክንሽብልሎ
ናባና ይምጻእ ዘሽርፍ እንተሎ።

እቶም ኣቦሓጎ ኾይኖም ኣብ ማእከል ቤተ ሰብ ናይታ መርዓት ከፍ ኢሎም ዝነበሩ ብላታ ደበሳይ ከኣ ሓሊፎም ጸኒሖም ብማሰ መለሱሎም።

**ይደባኖ'ንዶ'ሎ**

ተልየ እንታይ ደኣልካ ትብሎ
ክንደይ ትጥዕም ክንደይከ ትኽእሎ
ነዙ መልሓስካ ክንደይ ተዋሕልሎ
ወዮ በራዓንዲ ኮይኑ'ምበር ኣዳም ዘይጕድሎ
ዕዱምዶ'መስለካ'ዙ ኣብዙይ ዘሎ
ጐርዞ ጊላዋ እንደኣሉ ዝብል ኣርሑ በሎ፡
ገዝሚዶ'ርከብ'ዩ ኣቦ ዘየሎ
እንታይ ገዝሚኸ ትደልዩ ሰብ ጨዓሎ
እስኪ ነዙ ሰማይ ቀሊሕ በሎ
ናትኩም ገዝምስ ይደባኖ'ንዶ'ሎ ።

ነዛ ማሰ'ዚኣ ክብሉ ኸለዉ፡ ንመዛረቢ ትኸውን ንእሽቶ ደበና ትርኣዮም ኔራ እዩ ዝብሃል። ንምሸቱ፡ ኣብቲ ብዙሕ ጊዜ ዝናብ

ዘይመጸሉ ወርሒ ጥሪ ዘይተሓሰበ ደበናታት ተኣኻኺቡ ማይ ሃሪሙ ጨዓሎ ውሕጅ ምስ'ውረደት ግን፡ ብላታ ደበሳይ፡ ከም ሓደ ነብዪ፡ "ቀዛርቦም'ዩ!" ተባሂሉ ከም ዝተወርየሎም ይንገር።

ብላታ ደበሳይ፡ ናይ ምንባይ ክእለቶም ዝተራእየላ "ይኣኽለካ ይበሎ" ትብል ካልእ መልቀስ'ውን ኣላቶም። ከምቲ ልዒሉ ዝተባህለ፡ ብጣልያን ሕጉስ ስለ ዘይነበሩ ሕማቕ ኮይኑ ዝረኣዮም ዝነበረ ተግባሩ ካብ ምንቃፍ ድሕር ኣይብሉን ነበሩ። ድፍረትን ኣርሒቕካ ምሕሳብን ኔሩዎም። ጣልያን ብ1935 ንኢትዮጵያ ሒዙ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ግዝኣቱ ምስ ኣስፍሐ፡ ኣብ ምጅማር ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ምስቲ ኣብዛ መልቀሶም ብብርቱዕ ዝበል ዝመሰሉዎ ሰራዊት ብሪጣንያ ምትፍናኑ ኣሚቶም እንተ ተጋጢሞም ብዙሕ ጉድኣት ከም ዝወርድ ስግኣቶም ገሊጾ። እዛ ትሰዕብ መልቀስ ከኣ፡ ዘውደ ተኸለ ዝብሃሉ ብ1939 ኣቢሎም ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዕስክርና ጣልያን ዝሞቱ ጐበዝ ኣብ ሃደምቲ ካልኣይ ቀብሪ ምስ ተገብረሎም እያ ተባሂላ። ነቶም መዋቲ ምስ'ልቀሱሎም እዮም ድማ፡ "ይኣኽለካ ይበሎ" ኢሎም ናብ ጣልያን ዝሰገሩ።

### ይኣኽለካ ይበሎ

ኣንታ ዘውደ ወደየ ዘውደ ወደየ
ኣውያትካዶ መጺኡ ብተሎ
ወዲ ፍረጨን ዝበለካዶ'ሎ
ኣንታ ወዲ ጻዕሩ ዝበለካዶ'ሎ
ደቂ 'ሓኹም መሊኣን ጨዓሎ
ገሊኣን ቀያሕቲ ገሊኣን ሱር ዳዕሮ
'ታ ሓንቲ ትወልድ'ታ ሓንቲ ትትሎ፡
ንዓኹልሎዶ ኢሎም ንጠቕልሎ
ኣሲሮምኻዶ ብገመድ ብዓይሎ
'ቱ ጸሊም ጤላኻ'ሞ መን የልዕሎ፧!
ዓይንኻኽ ሓመድዶ ኹሓሎ
'ዙ ዕድልካስ ኣይንተዓደሎ!

ኣንታ'ዙ ጣልያን እንድዕሉ ይንየ'ሎ
ትግራይ ሒዙ'ንዶ ኣይምኣኽሎ

ወሎ ሒዙ'ንዶ ኣይምኣኽሎ
ሸዋ ሒዙ'ንዶ ኣይምኣኽሎ፣
ኣብ ኣከለጉዛይ ለባም ሰብ እንተ'ሎ
ነዙ ጣልያን ይኣኽለካ ይበሎ
ሓማሴን ሰራየ ለባም ሰብ እንተ'ሎ
ነዙ ጣልያን ይኣኽለካ ይበሎ
ኣብዙ መታሕት ለባም ሰብ እንተ'ሎ
ነዙ ጣልያን ይኣኽለካ ይበሎ
ብርቱዕ ገበል ኣሎ መሬት ዝኾለሎ
ክብል ክብል ትንዞ ይ ከየብሎ
ምድረ ሰማይ ከይከውን ጸለሎ
ኣዳም ከይተርፍ ኣብ ዘዘሎ።

"ንብሳታ ደበሳይ ከም ነብዪ ዘቐጸሮም፣ ድሕሪ'ዛ መልቀስ'ዚኣ፣ እቲ ብዙሕ ሞትን ምክልባትን ዝወለደ ኲናት ጣልያንን ብሪጣንያን ነዊሕ ከይጸንሐ ተጀሚሩ ውድቀት ጣልያን ምስዓቡ እዩ፣" ይብሉ፣ ሎሚ ማሰን መልቀስን ናይ'ዞም ዓቢ ማሰኛ ብተባህለ ዝነግሩ ለባማት።

## *A wakeup call*

Many countries in the world honor their heroes and commemorate them eternally by erecting statues, naming streets, parks, schools, universities and all sorts of institutions in their names. Eritrea has failed to remember its heroes in all spheres of life and fields including statesmanship, military, scholarships, arts, literature, religion, music and sports. It would be too long to list all the great Eritrean personalities from antiquity to the present. Even the heroes of the last 50 years who have not been recognized and honored are very many.

I believe many will agree with me that Eritrea has many amazing individuals in history who have done something unique to their country in the field of politics, culture, education, sport etc, which we need to remember them for what they have done. It is disheartening though not to see biography books of Eritreans in the library shelves. Lately I have decided to open a section in my website that will be dedicated to the biography of individual Eritreans from all walks of life in history (*www.emnetu.com).*

To start with I have randomly established a list of possible candidates. I therefore ask you all to put additional names to the list and return it to me. The list has to accommodate only individuals who have passed away. In other words we will concentrate only on post mortem biographies. I will update the list when I hear from you. The list will remain open all the time for additional names.

If you are positive about this idea and you have the time I would challenge you all to write biographical sketch or find individuals who can be interested to write a biography on any in the list. If you come across anyone who has access to information but not ready to write, you can ask him/her to supply the information to me in any format (paper, diskette, gramophone dish, cassette, videos, photographs etc) so that I can send it to the one who is interested to write.

The size of the file is not important at all. What is important is remembering them and trying to document their history before it disappears all together. The size will be determined only by the amount of information available on these individuals. Of course the individuals in the list must have done something positive to the cause of our country or to the well being of our people and our culture.

Emnetu Tesfay